# ሚስተር ፓጋን ኣሞም

*ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ማእከላይ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሱዳንን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳንን ኪካየድ ዝቐየ ዘተ ሰላም ኣገዳሲ ምዕባለ ኣመዝጊቡ ኣሎ። ኣብዚ ዘተዚ ክልቲኦም ወገናት ኣብቲ ኣዝዩ ከራኽርም ዝጸንሐ ነጥብታት ከም ጉዳይ መንግስትን ሃይማኖትን፡ ከምኡውን ማሰል ርእሰውሳኔ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ኣብ ስምምዕ በጽሑፍ ብምብጽሖም፡ እዚ ስምምዕዚ ንኣጠቓላሊ ሰላማዊ ፍታሕ ሽግር ሱዳን መገዲ ዝጸርግ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዕራፍ ናይ ታሪኽ ኣዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ብዘተባብዕ ኣሰይኑትን ኢጋድ ዝተፈጸመ ስምምዕ ድሕሪ ምፍራሙ፡ ንርእይቶ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን ንምፍላጥ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ሚስተር ፓጋን ኣሞም፡ ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኪዳን ሱዳንን ኣባል መሪሕነት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ደቡብ ሱዳንን ብዩናዊ ቃሉ መጠይቕ ኣካይዳ ነይራ። ትሕዝቶኡ ኸዚ ይመስል፦ (ርእይቶ ኣምባቢ ሱዳን ኣብ ኤርትራ ድማ ኣብ ዝቕጽሉ ሕታማት ንምቕራብ ክንፍትን ምዃንና ቃል ንኣቱ)*

- *ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ መንግስቲ ሱዳንን ምንቅስቓስ ሓርነት ደቡብ ሱዳንን ዝጸሕዎ ስምምዕ እንታይዩ?*

- ቀዳማይ ነጥቢ ናይቲ ስምምዕ፡ መሰል ርእሰውሳኔ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ምቕባል ዝብልዩ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ፡ ኣብ መንጎ ሃይማኖትን መንግስትን ብዝዕባ ዝሀሉ ዝምድና ዝገልጽ ኮይኑ፡ እቲ ሳልሳይን ኣገዳስን ነጥቢ ናይቲ ስምምዕ ድማ፡ ንቕርጻን ስርዓትን ናይቲ ኣብ መሰጋገሪ እዋን ዝፍጠር መንግስቲ ዝምልከት እዩ። በዚ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ መሰረት፡ ህዝቢ ሱዳን እቲ መሰጋገሪ እዋን ቅድሚ ምዝዛሙ ኣብ ዘሎ ሽዱሽተ ዓመታት፡ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ክውስኖዩ። እዚ ናይ ሽዱሽተ ዓመታት መሰጋገሪ እዋን ቅድሚ ምጅማሩ፡ ቅድመመሰጋገሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕ መድረኽ ክህሉ እዩ። እዚ መድረኽዚ፡ ክልቲኦም ወገናት ብዛዕባ ቅዋም፡ ቅርጻን ኣወዳድባን ናይቲ ዝምስረት መሰጋገሪ መንግስቲ ዘጽፍፉሉ ግዜዩ።

** እቲ  ንዝምድና መንግስትን ሃይማኖትን ዝምልከት ነጥቢ፡ እንታይ እዩ ዝብል?*

- መንግስቲ ሱዳን ኣብ ሃይማኖት ምስልምና ዝተመስረተ መንግስቲዩ ፈጢሩ ጸኒሑ። እዚ ድማ፡ ንኣመንቲ መስልምና ካብ ኣመንቲ ክርስትና ዝፈሊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ምስልምና ኑሓይሕዶም እውን ፍልልያት ዝፈጥር እዩ ነይሩ። በዚ ከኣ፡ ሃይማኖት ኣብ ፖለቲካ ሱዳን ዓቢ ጸገም ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ምንቅስቓስ ሓርነት ደቡብ ሱዳን፡ መንግስቲ ንሃይማኖታት ብማዕረ ዝጥምት፡ ናጽነት ዝሀብን ዝኸብሮን ኽውን ኣለዎ፡ ንሃይማኖት ከም መፈለዩ ነጥቢ ዝወስድ ኽውን የብሉን ዝብል ርእይቶ እዩ ጸኒሑ። በዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ማእከላይ ስምምዕ መሰረት፡  ህዝቢ  ደቡብ ሱዳን፡  ወከልቱ ዘጽደቕዎ ናቱ ቅዋም ክህልዎ፡ ህዝቢ ሰሜን ሱዳን ድማ ንደሊዩም ዘማልእ ቅዋም ከጽድቕ እዩ። እቲ በብወገኖም ዘጽደቕዎ ቅዋማት ድማ  ኣብቲ ካልእ ቦታ ተፈጻምነት ኣይህልዎን።

** እዚ ስምምዕዚ ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ግዜ መዓስ እዩ?*

- እዚ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕዚ ዝርዝራዊ ኣይኮነን። ነቲ ቀንዲ ነጥብታት (ፍሬምዎርክ) ጥራይ ዝሓቖፈ እዩ። ካብ ዝመጽእ 12 ኑሓስ ጀሚርም ክልቲኦም ወገናት፡ ነዞም ዝተጠቕሱ ጉዳያትን ካልኦትን ዘጠቓልል ምሉእን ዝርዝራውን ነጥብታት ንምስራዕ ዘተ ክጅምሩዩም። ስለዚ፡ እቲ ትግበራ ድሕሪቲ ዝርዝራዊ ስምምዕዩ ዝመጽእ። ክሳብ ሕጂ ድማ እቲ ናይ ግዜ ሰሌዳ ኣይተነጸረን። ኣብ ዝቕልጠፈ እዋን ናብ ትግበራ ንምስጋጋር ከኣ ንተሰፎ።

** ኣብዚ ዝተጠቕሰ ሽዱሽተ ዓመታት ናይ መሰጋገሪ እዋን፡ እንታይ ዕማማትዩም ክሰላጥ?*

- ሱዳን ካብ ቅድሚ ናጽነታ  ኣትሒዛ ኣብ ውግእ ተሸሚማ ዝጸንሐት። ኣብ ሱዳን ኪቐውም ዝጸንሐ ስርዓታት ዘይፍትሓዊን ፈላላይንዩ ኮይኖም ጸኒሖም። ኣብዚ መሰጋገሪ እዋን ድማ ክልቲኦም ወገናት ብደረጃ ሃገር ኮነ ብደረጃ ዞባታት ንዝጸንሐ ዘይምዕሩይነትን ዘይፍትሓውነትን ንምሕዋይ ክጽዕሩ ሓላፍነት ኣለዎም። ብቱናት ንዝዓነወ ቁጠባን መሰረተ ልምዓት ንምሕዋይ ግብራዊ ስጉምታት ክወስዱ፡ ንዝተመዛበለ ህዝቢ ከጣይሱን ካልኦት መደባት ልምዓት

ከሰሰሉን እዩ እቲ ትጽቢት ዝቐበረሉ ዕማም። እቲ ማሰጋገሪ ግዜ ኣብ ዝዘዘማሉ እዋን ከኣ፣ ህዝቢ ካብ ፍትሓዊ ሓደታትን ናጽነትን ንሓዳጊኡ ከመርጽ ማሰል ከወለዩ። ከምዚ ሕጂ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ስርዓት እንተሎ፣ ህዝቢ ኣደናይ ትመርጽ እንተኢልካዮ፣ ብርግጺ ናጽነት እዩ ከመርጽ።

* ንህዝቢ ብዛዕባ ዝወሃብ ማሰል ርእሰ ውሳኔ ክትጠቕስ ጸኒሕካ፣ እዚ ማሰልዚ ብኸመይ መገዲዩ ኪትግበር?

- ካብ ክልቲኦም ወገናት ዝቖውም ሓደ ኮሚሽን ክህሉዩ። እዚ ኮሚሽንዚ ኽሉ ማሰርሓት ናይ ረፈረንደም ክሰልጥዩ። ስለዚ ህዝቢ፣ ኣብ ፍትሒ ካብ ዝተሰረተ ሓደታትን ካብ ናጽነትን ንሓዳጊኡ ክመርጸዩ። ክልቲኦም ወገናት ድማ በቲ ወጽኢት ኪቕየዱ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

* ኣብዚ ማሰጋገሪ ግዜ፣ ብርግጽ ኣብ ሱዳን ክልተ ቕዋም ክሰርሕ እዩ?

- እወ! ሓደ ንደቡብ እቲ ካልእ ንሰሜን ሱዳን ዝውክል ቕዋም ክህሉዩ። ነዞም ክልተ ቕዋማት ዘወሃህደን ዘሰማምዐን ሳልሳይ ቕዋም ድማ ክህሉዩ።

* ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ማሰጋገሪ እዋን፣ ረፈረንደም ከምዝካየድ ገሊጽኩ፣ እቲ ዘድምጽ መንዩ?

- እቲ ዝግበር ረፈረንደም፣ ንህዝቢታት ደቡብ ሱዳን ጥራይ ዝምልከት እዩ። ደቡብ ሱዳን ክዝብል ከሎና እንተላይ ንነቢታት ኑባን ደቡባዊ ኒልን ዘጠቓልል እዩ።

* እሞ እቲ ስምምዕ ኣዚ ብኸመይ ኣሰፈርም ደዩ?

- እቲ ዝርዝር ገና ብሕጂ ክውሰን ዘለዎ እዩ። ኣብ ዘተ ኸቕርብዩ።

* ቅድም ሕጂ፣ ኣብ መንነ ምንቅስቓስ ሓርነት ህዝቢ ደቡብ ሱዳንን መንግስቲ ሱዳንን ስምምዓት ተበጺሑ ነይሩ። እዚ ናይ ሕጂ ስምምዕ ፍልይነቱ ኣብ ምንታይዩ?

- ብቐዳምነት፣ ኣብ መንነ ምንቅስቓስ ሓርነት ህዝቢ ደቡብ ሱዳንን መንግስቲ ሱዳንን ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ደኾን ስምምዕ ኣይተፈረመን። እንተኾነ፣ ኣብ መንነ መንግስቲ ሱዳንን ካልኦት ጉጅለታት ደቡብ ሱዳንን እንተላይ ካብ ምንቅስቓስ ሓርነት ደቡብ ሱዳን ዝተፈንጨሉ ወገናት ዝተገብረ ስምምዕ ነይሩ። ኣብ 1972 እውን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ መንነ ምንቅስቓስ ኣኛ ኣኛን (ናይ ደቡብ ሱዳን) መንግስቲ ሱዳንን ዝተበጽሐ ስምምዕ ነይሩ። ኣብዚ ቀረባ ግዜውን ብራክ ማቻር ዝምርሖ ጉጅለ ምንቅስቓስ ናጽነት ደቡብ ሱዳንን መንግስቲ ሱዳንን ስምምዕ ፈሪሞም ነይሮም። ካልኦት ስምምዓትውን ነይሮም። ክሎም እዞም ዝተጠቕሱ ስምምዓት ግን ብዘይ ዝኾነ ዕቱብ ዞባውን ኣህጉራውን ተበዓጻታት ዝተፈረሙ እዮም። ሓደ ክጠቕሶ ዝደሊ ነገር እንተሎ ከኣ፣ ክሎም ቅድሚ ሕጂ ዝተበጽሑ ስምምዓት ከፍርሱ ዝጸንሑ ብሰንኪ መንግስቲ ሱዳንዮም። ሕጂውን፣ እዚ ዝተበጽሐ ስምምዕ ከይጥሓስ ስግኣት ኣሎ።

* ዕቱብ ተበዓጺ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ናብዚ ናይ ሐ ስምምዕ ንምብጻሕ ከምዝሐገዘ ገሊጽኩ። እዚ ዕቱብ ተበዓጻዚ ካበይ ዝፈልፈለ እዩ?

- ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ብዙሕ ምቕይያራት ተራእዩ እዩ። ሓደ ካብኡ እቲ ዓሚ መስከረም ኣብ ኣመሪካ ዝተኻየደ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ እዩ። ድሕሪዚ ክስተትዚ ድማ፣ መንግስቲ ሱዳን ምስ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክተሓባበር ጀሚሩ። ብዘይካዚ፣ ኣብ ሱዳን ነዳዲ ተረኺቡ ብመንግስቲ ሱዳን ይሽየጥ ብምህላው፣ ብዙሓት ናይ ምዕራብ ትካላት ኣብ ሱዳን ዘርኣዩኦ ናይ ረብሓ ተገዳስነት ክጥቀስ ይከኣል። ከም ወጽኢት ናይዚ ከኣ፣ ነቲ ኣብ ሱዳን ኪካየድ ዝጸንሐ ኩናትን ደብዳበን ደው ናይ ምባል ጉዳይ ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ክረክብ ክኢሉ።

ካብቲ መንግስቲ ሱዳን ነዚ ዞባዚ ንምህቓኽ ክካየዶ ዝጸንሐ ተግባራት ብምንቃል እውን ተገዳስነት ናይ ሃገራት እዚ ዞባዚ ጸኒሑ እዩ። ሃገራት ናይዚ ከባቢዚ ድማ ነዚ ተግባራትዚ ደው ንምባል ሰሪሐን። ሱዳን ሰላማዊት ሃገር ኰይና ክትነብር፣ ህዝቢ ሱዳን ብስምምዕ ስሪትን እናነበረ ኣብ ምርግጋጽ ናይዚ ከባቢ ግደኡ ከበርክት ብዝብል ሓሳብ።

* እቲ ኣብ ሱዳን ተረኺቡ ዘሎ ናይ ነዳዲ ሃብቲ ኣብዚ ስምምዕዚ ንምብጻሕ እንታይ ጸልዋ ነይርዎ ትብል?

- ዝበዝሐ ተገዳስነት ናይ ሃገራት ምዕራብ ኣብዚ ተረኺቡ ዘሎ ነዳዲዩ። ብዙሓት ትካላት ነዳዲ ምስ መንግስቲ ሱዳን ስምምዕ ገይረንዮን። በንጻሩ ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ ምውጻእ ነዳዲ ኣብ ዝሰርሑ ትካላት መጥቃዕቲ ክፍጽም ምዃኑ ብተደጋጋሚ ኣጠንቂቑዩ። በዚ ምኽንያትዚ እዚ ናይ ነዳዲ ጉዳይ ጸልዋ ኣይነብሮን ክበሃል ኣይከኣልን።

* ኣብዚ ስምምዕ ንምብጻሕ ተራ ጎረባብቲ ሃገራት ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ነይሩ?

- እዚ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ወጽኢት ናይቲ ጎረባብቲ ሃገራት ከቢድኡ ዝጸንሓ ጻዕሪታትዩ። ክለን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ብዘለወን ዓቕሚ ተወፍየን ብምስራሕ ሱዳናውያን ናብዚ ስምምዕዚ  ክበጽሑ ጸዒረንየን። ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተወስዱ ተበግሶታት፡ እቲ ዝበለጸ ተበግሶ እዚ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት እዩ ክበሃል ይከኣል። ኤርትራ ድማ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ብምዃን መሪሕ ተራ ተጻዊታያ። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ድማ ተደጋጊፍዎምዩ።

* ዋላኳ ንምምጋሙ ሓጺር ግዜ እንተኾነ፡ ናይ ህዝቢ ሱዳን ከ ካልኦት ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ከምኡውን ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ርእይቶ ኣብዚ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ እንታይ ይመስል?

- ህዝቢ ሱዳን ዝገበ ኣሊዩ ዘሎ፡ ናይ ሰቕታ ግብረ-መልሲዩ ሂቡ። ህዝቢ ሱዳን እዚ ስምምዕዚ፡ ብሩቕ ዕቱብ ድዩ፡ እንታይ ዝርዝራት ዝሓቖፈ ወዘተ. ብዕምቈት ክፈልጥ ደጸብ ኣሎ። ኽዘንጋዕ ዘይብሉ ድማ፡ ህዝቢ ሱዳን ቅድሚ ሕጂ እዚ ዘይብሃል ስምምዓት ርእዩን ሰሚዑን እዩ። ስምምዕ ሰላም ተፈሪሙ ይበሃል፡ ህዝቢ ናብ ጎደና ወጺኡ ደገፉ ይገልጽ፣ እንተኾነ፡ ኩሎም ስምምዓት ጁሉም ይፈሽሉ። ሕጂውን፡ እዚ ስምምዕዚ ከምቶም ቅድሚ ሕጂ ዝፈሸሉ ድዩ ወይሲ ክሰልጥዩ ገና ብሃንቀውታ ይጽበዩ ዘሎ።

ንፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ብዝምልከት፡ እዚ ስምምዕዚ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሱዳንን ምንቅስቓስ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ደቡብ ሱዳንን ጥራይ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብምዃኑ፡ ኹሎም ዝጠርነፈ ኣይኮነን። እዚ ስምምዕዚ ክልተኣዊ ስምምዕ ጥራይዩ፡ ኹሎም ሓይልታት ሱዳን ዝሳተፈ ኣይኮነን። ብወገነይ፡ ኩሎም ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ዝሳተፉሉ ኣጠቓላሊ ፍታሕ ክመጽእ ኣለዎ እብል። ምንቅስቓስናውን ዝኣምኖዩ።

ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብወገኑ፡ ጥንቁቕ ደገፍዩ ሰጊሱ። እዚ ስምምዕዚ ግን ገና ፍረምዎርክ ጥራይዩ። እቲ ናይ ብሩቕ ስምምዕ ገና ብሕጂ ኣብ ዝቕጽል ዘተ እዩ ክርአ። ከምቲ ብሂል ዝበሎ፡ “እቲ ሰይጣን ኣብቲ ዝርዝሩዩ ዘሎ”። ስለዚ ዝመጽእ 12 ኣሓስ ነቲ ሰይጣን ኣብቲ ዝርዝር ክንረኽቦ ኢና።

* ንዝሓለፈ ታሪኻዊ ተሞክሮን ነቲ ሕጂ ዘሎ ህላወ ከይታትን ካልእ ረቛሒታትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ እዚ ስምምዕዚ ፍረ ክርከቦ ዝኽእልዶ ይመስለካ?

- ከም መጠን ተጋዳላይ፡ ኩሉ ግዜ ትስፉው እየ። እንተኾነ ካብ ቅድሚ ናጽነት ኣትሒዙ ንዝበረ ተሞክሮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኩሎም ስምምዓት ተጣሒሶምዮም። እዚ ናይ ሕጂ ስምምዕውን ተመሳሳሊ ዕጫ ከጋጥሞ ይኽእል ይኸውን።

* ርግጸኛ ዲኻ?

- መንግስቲ ሱዳን፡  ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ደቡብ ሱዳንን ህዝቢ ሱዳን ብዓቢኡን ከምኡውን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ እንተደኣ ብዕቱብ ሰሪሖም እቲ ስምምዕ ኣብ ግብሪ ወዒሉ፡ ሰላማዊ ፍታሕ ክመጽእ ይኽእልዩ። ስምምዕ ና ኣብ ተግባር እንተዘይወዒሉ ግን፡ ኩናት ክበርዕ፡ ዝገደደ ህልቂት ክስዕብዩ።